# መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - የካቲት 2ይ ሰሙን

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

---

መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ከሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **8 የካቲት** | 1 **ነገ** 8፡ 1-7, 9-13<br>**መዝ** 132፡ 6-10<br>**ማር** 6፡ 53-56 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ኣብ 1ይ ነገ. 8ይ ምዕራፍ ብዛዕባ ንጉሥ ሰሎሞን ምስ ኩሎም ዓበይቲ እስራኤልን፡ ሓላቑ ነገዳትን፡ ሹማምንትን ኮይኑ ንታቦት ኪዳን ናብቲ ሓዲሽ ዝሰርሖ ቤተመቕደስ ከም ዘእተዎ ይነግረና። "ኣብቲ ታቦት ብጀካ እተን ሙሴ ካብ ኮሬብ ናብኡ ዘእተወን ክልተ ጽላት እምኒ ገለ ኻልእ ኣይነበረን፣ . . . ። እቶም ካህናት ካብ መቕደስ ምስ ወጹ፡ ነቲ ቤተ እግዚኣብሔር ደመና መልኦ። ነቲ ቤተመቕደስ ክብሪ እግዚኣብሔር መሊእዎ ስለ ዝነበረ፣ እቶም ካህንት ብምኽንያት እቲ ደመና ደው ኢሎም ኬገልግሉ ኣይከኣሉን። ሽዑ ሰሎሞን "ንስኻ እግዚኣብሔር ኣብ ጸሊም ደመና ከም እትነብር ተዛሪብካ ኣሎኻ። ኣነ ኸኣ ንስኻ እትቕመጠሉ ቤት፡ ንዘለዓለም እትነብረሉ ስፍራ ብርግጽ ሠሪሐልካ ኣሎኹ" በለ።" ይብለና።<br>• መዝሙር 132 ከኣ ብዛዕባ ኣብ ቤተ መቕደስ ዝቐረበ ውዳሴ የቕርበልና። "ኦ እግዚኣብሔር፡ እታ ምልክት ኃይልኻ ዝኾነት ታቦት ኪዳን ኂዝካ ናብ ቤት መቕደስ ምጻእ፣ ኣብኣውን ንዘለዓለም ንበር። ካህናትካ ኩሉ ግዜ ቕኑዕ ይግበሩ፣ ሕዝብኻ ድማ ዕልል ይበሉ።" ይብለና።<br>• ኣብ ወንጌል ማርቆስ ምዕ. 6 ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ኣብ ጌንሳሬጥ ሕሙማት ከም ዘሕወየ የዘንትወልና። ". . . እቶም ሕዝቢ ንኢየሱስ ብኡብኡ ኣለለይዎ። . . . ኢየሱስ ኣሎ ተባሂሉ ኣብ ዝሰምዕሉ ቦታ ሕሙማት ብዓራውቲ እናጾሩ ናብኡ ኬምጽኡ ጀመሩ። . . . ነቶም ሕሙማት ኣብ ዕዳጋታት የቐምጥዎም እሞ ዘፈር ክዳኑ ጥርይ ኪትንክፉ ይልምንዎ ነበሩ፣ እቶም ዝተንከፍዎ ዘበሉ ኩሎም ከኣ ይሓውዩ ነበሩ።" ይብለና።<br><br>እቲ ዓቢይ ቤተመቕደስ ንጉሥ ሰሎሞን ዝሓነጾ ምልክት ጥራይ እዩ ነይሩ። ደቂ እስራኤል ምስ እግዚኣብሔር ዝራኸብሉን ዝሰግድሉን ዘምልኽሉን ቅዱስ ቦታ እዩ ዝነበረ። ኢየሱስ ከም ቤተመቕደስን፡ ሊቀ ካህንን፡ ከም ገንሸል መስዋዕትን ኮይኑ  ምእንታና ምእንቲ ሕጽበት ኃጢኣት መላእ ደቂ ኣዳም ንእግዚኣብሔር ዝበቅዕ መስዋዕቲ ምስጋና ዘቕረበ እቲ ሓደ በይኑ መድኃኒና እዩ። ወንጌል ድኅነት እናሰበኸ ኣብ ምድሪ እስራኤል ክዘዋወር ከሎ፣ ፈውሲ ካብኡ ይውሕዝ ነበረ። እቶም ዝፍወሱ ግና እቶም መድኃኒ ምዃኑ ዘለለይዎን፡ ብእምነት ናብኡ ዚመጹ ዝነበሩ ሰባት ጥራይ እዮም። ንሕና ክርስትያን ሎሚ ነቲ ኣብ ሞንጎና ዘሎ ኢየሱስ ከም መድኃኒ ኣለሊናዮን ደሊናዮን ምእንቲ ክፍውሰናን ናብኡ መጺናዶ? ሎሚውን ኢየሱስ ኣብ መንበረ ታቦት ኣብ ቤተክርስቲያን ኣብ ቅዱስ ቍርባን ኣሎ። ጾርና ሒዝና ናብኡ ንኺድ። ሰላም ስኢና ኣሎና፣ ፍትሒ ስኢና ኣሎና፣ ንጠምን ንዓርቕን ኣሎና፣ ኃይላት ናይዛ ዓለም ይዕምጹናን መሰልና ይገፉናን ኣሎዉ፣ ርኹሳት መናፍስትን ሰይጣንን ይኣስሩናን የሳቕዩናን ኣሎዉ፣ ኃጢኣትናውን ይስዕረና ኣሎ። ዘፈር ኪዳኑ ክንትንክፍ ናብኡ ንኺድ። ኢየሱስ ኪፍውሰና እዩ። "ኦ ኢየሱስ ከለልየካን ክረኽበካን ሓግዘኒ። ኦ ኢየሱስ ጥዑም፡ በቲ ዘለኹዎ ሕለፍ እሞ ፈውሰኒ። ካብ ተስፋ ቍርጸት ኣውጽኣኒ። ካብ ማእሰርቲ ኃጢኣተይ ኣድኅነኒ። ሠራዊትካ ንምድኃና ይውጻእ፣ ኣብ ዙርያና ከኣ ይስፈር! ኣሜን።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **9 የካቲት** | 1 **ነገ** 8፡ 22-23, 27-30<br>**መዝ** 84፡ 3-5, 10-11<br>**ማር** 7፡ 1-13 | **ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?**<br>• 1 ነገ. 8ይ ምዕራፍ ብዛዕባ ጸሎት ሰሎሞን ንጉሥ የቕርበልና። “ግናኸ ብሓቂዶ ኣምላኽሲ ኣብ ምድሪ ትነብር ኢኻ? እንሆ ሰማያትን ሰማየ ሰማያትን ኪኣዙኻ ኣይከኣሉን እዮም። እዛ ኣነ ዝሠራሕኩዋ ቤተ መቕደስ ደኣ ከመይ ገይራ ኽትኣዝካ ትኽእል? ግናኸ ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኸይ፣ ኣብ ጸሎት ባርያኻን ምህለልኡን ኣድህብ፣ . . . ኣብዛ ቤተ መቕደስ እዚኣ፣ ናብዛ ‘ስመይ ኣብኣ ኪኸውን እዩ’ ዝበልካያ ቦታ፡ ኣዕይንትኻ ለይትን መዓልትን ይጠምታ። ነቲ ኣነ ባርያኻ ኣብዛ ቦታ እዚኣ ዝጽልዮ ጸሎትውን ስማዕ። ነቲ ኣነ ባርያኻን ሕዝብኻ እስራኤልን ኣብዛ ቦታ እዚኣ እንጽልዮ ጸሎት ስምዓዮ። እወ፡ ንስኻ ኣብታ እትነብረላ ዘሎኻ ቦታ፡ ኣብ ሰማይ ኴንካ ስምዓዮ፣ ሰሚዕካውን ይቕረ በል።” እናበለ ይጽሊ።<br>• መዝሙር 84 ከኣ ብዛዕባ ናፍቖት ቤት እግዚኣብሔር ይዛረበና። “እቶም ኩሉ ግዜ እናወደሱኻ ኣብ ቤትካ ዚነብሩ፣ ኣየ ክንደይ ተዓዊቶም። ኃይሎም ብኣኻ ዝኾነ፡ ብልቦም ንእምባ ጽዮን ኪነግዱ ሃረር ዚብሉ ሰባት ኣየ ኽንደይ ተዓዊቶም። . . . ካብ ሽሕ መዓልቲ ኣብ ካልእ፣ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ቤት መቕደስካ ምውዓል ይሓይሽ፣ ስለዚ ኣብ ኣባይቲ ኃጥኣን ካብ ምንባርሲ ኣብ ቤት ኣምላኸይ ሓላዊ ደገ ምዃን ይሕሸኒ። እግዚኣብሔር ኣምላኽሲ ፀሓይን ዋልታን እዩ፣ እግዚኣብሔር ጸጋን ክብርን ይህብ፣ ነቶም ብቕንዕና ዚነብሩ ሠናይ ዘበለ ኣይከልኦምን እዩ።” እናበለ ተሰፋ ዝመልኡ ቃላት ይህበና።<br>• ኣብ ወንጌል ማርቆስ ምዕራፍ 7 ከኣ ብዛዕባ ትእዛዝ እግዚኣብሔርን ሥርዓት ሰብን ይዛረበና። ፈሪሳውያን “ስለምንታይ ደኣ፡ መዛሙርትኻ ሥርዓት ዓበይቲ ዘይሕልዉ፣ ኣእዳዎም ከይተሓጽቡ ኽኣ እንጌራ ዚበልዑ? ኢሎም ሓተትዎ፡ ንሱ ኸኣ ኸምዚ በሎም፡ “እቱም ግቡዛት፡ ከምቲ ጽሑፍ ‘እዚ ሕዝቢ እዚ ብኸናፍሩ የኽብረኒ፡ ልቡ ግና ኻባይ ኣዝዩ ዝረሓቐ እዩ። ግናኸ ምህሮ ሥርዓት ሰብ ኣናመሃሩ ብኸንቲ የምልኹኒ’ ዝበሎ ኢሳያስ ብዛዕባኹም ጽቡቕ ተነበየ። “ትእዛዝ ኣምላኽ ኃዲግኩም ሥርዓት ሰብ ትሕልዉ ኣሎኹም. . . ።” ዚብል መልሲ ክህቦም ንሰምዕ።<br><br>ወንጌል ንቃል ኣምላኽ ከም ዝመስለና እናጠዋወና ከይንጥቀመሉ የጠንቅቐና። ሥርዓት ሰብ ቅድሚ ትእዛዝ እግዚኣብሔር ክንገብሮ ኣይግባእን። ነቲ ሰብ ዝርእዮ ከነጸብቕ፡ ውሽጥና ግና ብኽፍኣት መሊኡ ከሎ ምኻድ ከም ዘየርብሓና ይነግረና ኣሎ። ሓቐኛ ፍቕሪ ቤት ኣግዚኣብሔርን መቕደሱን ክህልወና ይጽውዓና ኣሎ። ሽሕኳ ከምቲ ሰሎሞን ዝበሎ፡ ወዲ ሰብ ንኣምላኽ ንዕኡ ዝበቅዕ ቤተመቕደስ ክሠርሃሉ ዘይክእል እንተ ኾነ፡ እግዚኣብሔር ግና ኣብቲ ንኣምልኾኡ ኢልና ዘወፈናሉ ቦታ ካብ ሰማያዊ መሕደሪኡ መጺኡ ጸሎትና ይሰምዕ እዩ። ከመይ ባዕሉ እግዚኣብሔር እዩ ንሰሎሞን ቤተመቕደስ ክሠርሓሉ ዝኣዘዞ። እግዚኣብሔር ኣብ ኩሉ ሰፍራ ስለ ዝነብር፡ ኣብ ውሽጢ ልብናውን ኣሎ። ካብ ልብና ብእምነት ክንጽውዖ ከሎና ይሰምዓና እዩ። ልብና ቤተመቕደስ ኣምላኽ ክኸውን ምስ ፈቐድናሉ ድማ፡ ኣምላኽ ኩሉ ግዜ ምሳና ይነብር። ኩሉ ግዜ ከኣ እናወደስናዮ ክነብር ንኽእል። ካብቶም ‘ኣየ ክንደይ ተዓዊቶም’ ዝበሃለሎም ዘለዉ ከኣ ንኸውን። ልቡ ብፍቕሪ ኣምላኽ ዝመልአ ሰብ ዕድለኛ እዩ። እቲ ኣብ ኃጢኣት ዝነብር ግና መሓዛ ኣጋንንቲ ኣገልጋሊ ሰይጣን ስለ ዝኸውን ባርያ እዩ። ካብ ሽሕ መዓልቲ ኣብ ካልእ ሓንቲ መዓልቲ ምስ ኣምላኽ ትበልጸና። “ኦ ኢየሱሰይ ናይ ኣፍ ክርስትያን ከይከውን ሓልወኒ። ሰብ ክርእየለይን ንሰብ ከምስልን ኢለ ናብ ቤትካ ከይመላለስ እምነትን ትብዓትን ሃበኒ።” |

